# ቋንቋ ጀርመን ምጽናዕ

ቋንቋ ጀርመን ብትኽክል ንምጽናዕ ናብ ስልጠና ናይ ቋንቋ ጀርመን ምስታፍ የድሊ። ንስልጠና ዝምልከት ምስ ዝተፈላለየ ኩነታት ናይ ናብራ ዝኸይድ ቀረባት ስልጠና ቋንቋ ጀርመን ኣብ ካንቶን ኣርጋው ተዳልዩ ኣሎ።

## ቀረባት ስልጠና ቋንቋ ጀርመን

ንዝተፈላለዩ ወገናት ዝዓለመ ስልጠና ቋንቋ ጀርመን ኣብ ካንቶን ኣርጋው ካብ ብዙሓት ኣቕረብቲ ተዳልዩ ይርከብ። ገለ ኣቕረብቲ ናይ ንግዲ ትካላት ክኾኑ ከለዉ ካልኦት ከኣ ንብዙሕ ጉዳያት ዝዓለሙ ናይ መንግስቲ ትካላት እዮም። ናይ ላቲን ፊደላት ዘይፈልጡ ወይ ዝብርትዓም ሰባት ናይ ላቲን ፊደላት (Alphabetisierungskurs) ክምሃሩ ይከኣል። ቅድሚ ናይ ቋንቋ ጀርመን ስልጠና ምውሳድ: ሰባት ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ዓይነት ስልጠናታትን ዋጋኡን ብንጹር ክፈልጡ ይግባእ። ንኣዴታት ምስ ሕጻናት ደቀን ዝወሃብ ፍሉይ ስልጠናውን ኣብ ብዙሕት ምምሕዳር ከባቢታት ኣለዉ። ኣደውን ደቃ ጎድኒ ጎድኒ ክምዝመሃሩ (MuKi Deutsch) ይኽውን። እቲ መወከሲ ማእከል ናይ ካንቶን ኣርጋው (Anlaufstelle Integration Aargau, AIA) ወይ እቲ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ብዛዕባ እዞም ቀረባት ሓበሬታ ይዝርግሑ።

## ደረጃ ምልከት ቋንቋ

ከም መምዘኒ ናይ ምልከት ቋንቋ ደረጃታት ኣብ ቋንቋ ጀርመን " ናይ ኤውሮጳ ሓባራዊ መወከሲ" (GER) ከም መወከሲ ይጥቀመሉ። ሽዱሽተ ነንሕድሕዶም ተጠሚሮም ዝስርዑ ናይ ቋንቋ ምልከት ደረጃታት ካብ A1 (ዕብየት) ክሳብ C2 (ኣዝዩ ንኡድ ኣፍልጦ) ተባሂሎም ይስርዑ።መብዛሕትኦም ናይ ቋንቋ ጀርመን ስልጠናታት ኣብዞም ደርጃታት ይቀው። ደረጃታት A1 ን A2ን መሰረታዊ ኣፍልጦ ቋንቋ ጀርመን ይበሃሉ። ዝኾነ ሞያዊ ስልጠና ክገብር ወይ ክወስድ ዝደሊ: መብዛሕቲኡ ግዜ B1 ወይ B2 ክመልኽን ክፈልጥን ይግባእ። ደረጃታት C1 ን C2ን ንልዕለዋይን ቀጻሊ ትምህርትን ንደረጃ ዩኒቨርሲቲን ምምሀር ከም ቅድመ ኩነት የድልዩ።

## ምወላ / መምሃሪ ባጀት

ንስልጠና ቋንቋ ጀርመን ዝግበር ክፍሊት ከም ሕጊ ነብሲ ወከፍ ሰብ ነቲ ስልጠና ዝወስድ ባዕሉ ክሽፍሎ ይግባእ። እቲ ዋጋ ርትዓዊን ምስቲ ዝወሃብ ስልጠና ዝዛመድን ዘዋጽእን እዩ። ገለ ገለ ስልጠናታት ግን ብካንቶን ኣርጋው ወይ ብቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ይምወሉሞ በዚ ከኣ ሕሱራት ይኾኑ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

dev.hallo-aargau.ch/ti/language-and-integration/learning-german